**ኣማኻሪ ካውንስል ጊዚያዊ ምምሕዳር ትግራይ ንምጥያሽ ዝወፀ ደንቢ ቁፅሪ ---/2016 ዓ.ም**

ህዝቢ ትግራይ ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ብምኽንያት ልፍንታዊ ሓይልታት ኣብ ልዕሊኡ ዘካየድዎ ወራር ኣብ ከቢድን ሰፊሕን ኩናት ኣትዩ፣ ማሕበረ-ኢኮኖሚያዊ መነባብሮኡ ኣብ ዝኸፍአ ኩነታት ወዲቑን ሰፍ ዘይብል ሰብኣውን ንዋታውን ጉድኣት በፂሕዎን ድሕሪ ምፅንሑ ኣብ መንጎ መንግስቲ ፌዴራልን ህወሓትን ኣብ ፕሪቶርያ ብዝተገበረ ስምምዕ ሰላም እቲ ብህዝቢ ተመሪፁ ዝተጣየሸ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ፈሪሱ ክሳብ መረፃ ዝካየድ ጊዚያዊ ምምሕዳር ተመስሪቱ እናሰረሐ ክፀንሕ ስለዝተፈራረሙ ንኣፈፃፅማ መደባት ጊዚያዊ ምምሕዳር ክትትል እናገበረ ደገፍ ዝህብን ምኽረ-ሓሳብ ዘቕርብን ኣማኻሪ ካውንስል ምጥያሽ ኣገዳሲ ኮይኑ ስለዝተረኸበ፣

እቲ ኣማኻሪ ካውንስል ሓቛፉይነት ብዘረጋግፅ ካብ ከመይ ዝበሉ ክፋል ሕብረተ ሰብን ውዳበታትን ክጣየሽ ከምዝግባእ፣ ዝህልዎ ተግባርን ሓላፍነትን ኣወዳደባ ኣካላት እቲ ኣማኻሪ ካውንስልን ተግባርን ሓላፍነቶምን ምውሳን ኣገዳሲ ምዃኑ ስለዝተኣመነሉ፣

ካቢኔ ጊዚያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ነዚ ደንቢ እዚ ኣውፂኡ ኣሎ።

**<u>ክፍሊ ሓደ</u>**

**<u>ሓፈሻዊ ድንጋገ</u>**

**ዓንቀፅ 1.<u>ሓፂር ርእሲ</u>**

እዚ ደንቢ ’’ደንቢ መጣየሺ ኣማኻሪ ካውንስል ጊዚያዊ ምምሕዳር ትግራይ’’ ተባሂሉ ክጥቀስ ይኽእል።

**ዓንቀፅ 2.<u>ትርጉም</u>**

1. ’’ጊዚያዊ ምምሕዳር’’ ማለት ብመሰረት ስምምዕ ሰላም ፕሪቶሪያ ዝተጣየሸ ጊዚያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ እዩ።
2. ’’ፕሬዚደንት’’ ማለት ፕሬዚደንት ጊዚያዊ ምምሕዳር እዩ።
3. ’’ካቢኔ’’ ማለት ካቢኔ ጊዚያዊ ምምሕዳር እዩ።
4. ’’ኣማኻሪ ካውንስል’’ ማለት ንጊዚያዊ ምምሕዳር ዝሕግዝ ምኽረ ሓሳብ ከቕርብ ካብ ዝተፈላለዩ ክፋላት ሕብረተ-ሰብ ዝተወፃፅኡ ሰባት ብኣባልነት ዝሓቖፈ ብካቢኔ ጊዚያዊ ምምሕዳር ዝተጣየሸ ኣካል እዩ።
5. ’’ኣካቢ’’ ማለት ካብ መንጎ ኣባላት ኣማኻሪ ካውንስል ብፕረዚደንት ተመዚዙ ዝምደብ ኣካቢ ኣማኻሪ ካውንስል እዩ።
6. ’’ፀሓፊ’’ ማለት ካብ መንጎ ኣባላት ኣማኻሪ ካውንስል ብፕረዚደንት ተመዚዙ ዝምደብ ፀሓፊ ኣማኻሪ ካውንስል እዩ።
7. ’’ኣካላት ኣማኻሪ ካውንስል’’ ማለት ኣካቢ፣ ፀሓፊ፣ ሓባር ኮሚቴን ኮሚቴታትን ኣማኻሪ ካውንስል እዮም።
8. ’’ኮሚቴ’’ ማለት ኣፈፃፅማ ትልሚ ጊዚያዊ ምምሕዳርን ካልኦት መንግስታዊ ኣካላትን እናተኸታተለ ንክድግፍ ካብ መንጎ ኣባላት ኣማኻሪ ካውንስል ብዝተወፃፅኡ ኣባላት ዝተመስረተ ኮሚቴ እዩ።
9. ’’መተሓባባሪ’’ ማለት ካብ መንጎ ኣባላት ኮሚቴ ተሓርዩ ንኮሚቴ ከተሓባብር ዝምደብ ሰብ እዩ።

10. ''ሓባር ኮሚቴ'' ማለት ኣካቢ፣ ፀሓፍን መተሓባበርቲ ኮሚቴታትን ዝሓቖፈ ኮሚቴ እዩ።
11. ''ኣባል ወይ ኣባላት'' ማለት ከም ቅደም ሰዓቦም ኣባል ወይ ኣባላት ኣማኻሪ ካውንስል እዩ ወይ እዮም።
12. ''ነበር ኣባል ወይ ነበር ኣባላት'' ማለት ኣብ ዝሓለፈ ክልላዊ መረፃ ብቀጥታ ብህዝቢ ተመሪፁ ወይ ተመሪፆም ዝነበረ ወይ ዝነበሩ ኣባል ወይ ኣባላት ቤት ምኽሪ ክልል እዩ ወይ እዮም።
13. ''ቤት ፅሕፈት'' ማለት ቅድሚ ሕዚ ቤት ፅሕፈት ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ዝነበረ ኮይኑ ሕዚ ድማ ቤት ፅሕፈት ኣማኻሪ ካውንስል ኮይኑ ዘገልግል እዩ።
14. ''ሰብ'' ማለት ተፈጥሮኣዊ ወይ ብሕጊ መሰል ሰብነት ዝተወሃቦ ኣካል እዩ።

**ዓንቀፅ 3.<u>*ኣገላልፃ ፆታ*</u>**

ኣብዚ ደንቢ ብተባዕታይ ፆታ ዝተገለፀ ንኣስተይቲ ፆታ'ውን ዝሓውስ እዩ።

**ዓንቀፅ 4.<u>ወሰን ተፈፃምነት</u>**

እዚ ደንቢ ኣብ ልዕሊ ኣማኻሪ ካውንስል፣ ኣባላትን ኣካላትን ኣማኻሪ ካውንስል ተፈፃምነት ይህልዎ።

**ዓንቀፅ 5.<u>ዕላማ</u>**

ዕላማታት ምጥያሽ ኣማኻሪ ካውንስል እዞም ዝስዕቡ እዮም።

1. ኣብ መንጎ ህዝብን ጊዚያዊ ምምሕዳርን ዘሎ ዝምድና ንምጉልባት ድልድል ብምዃን ኣብ ዝተፈላለዩ መደባት እቲ ጊዚያዊ ምምሕዳር ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ ክህሉን ድሌትን ዕግበትን ህዝቢ ብምድህሳስ ምኽረ ሓሳብ ንምሃብ፤
2. ኣብ ፕሪቶርያ ዝተበፅሐ ስምምዕ ሰላም ዘላቕን ውሑስን ክኸውን ብዘግብር ይፍፀም ምህላዉ ንምክትታልን ንምድጋፍን፣
3. ኣብያተ ምኽሪ ወረዳን ከተማን ብሕጊ ዝተወሃቦም ተግባርን ሓላፍነትን ብብቕዓት ክፍፅሙ ሙያዊ፣ ቴክኒካውን ፖለቲካውን ደገፍ ንምሃብ፤
4. ቅድሚ ሕዚ ምስ ካልኦት ክልላት ብፍላይ ምስ መዳውብቲ ክልላት ይካየድ ዝነበረ ርክብን ዝምድናን ህዝቢ ንህዝቢ ተቛሪፁ ስለዝፀንሐ ከም ብሓዱሽ ክጅምርን ተጠናኺሩ ክቕፅልን ንምግባር፣
5. ንብዙሕ ዓመታት ተሃኒፁ ዝፀንሐ መስርሕ ክትትልን ደገፍን ብምጥቃም ኣብ ምፍፃም ዕማማት ጊዚያዊ ምምሕዳር'ውን ተግባራዊ ብምግባር ደጋፊ ንምኳንን ንቑፃሊ ዓቂብካ ንምዕናሕን፣
6. ኣብ ቀፃሊ ዝካየድ ክልላውን ከባቢያውን መረፃ ክልል ትግራይ ነፃ፣ ፍትሓዊ፣ ግልፂ፣ ኣሳታፊይን ተቐባልነት ዘለዎን ክኸውን ጥጡሕ ባይታ ንምፍጣር ብጊዚያዊ ምምሕዳር ንዝግበር ምንቅስቓስ ደጋፋይ ግደ ንምፅዋት፣
7. ብድምር ህልውናን ድሕንነትን፣ መሰልን ረብሓን ህዝቢ ትግራይ ኣብ እዋን ጊዚያዊ ምምሕዳር ይረጋገፁ ምህላዎም ብምክትታል ደገፍ ምሃብን ምኽረ-ሓሳብ ምቕራብን ይኸውን።

<u>**ክፍሊ ክልተ**</u>

<u>**ኣወዳድባን ኣሰራርሓን ኣማኻሪ ካውንስል**</u>

**ዓንቀፅ 6.<u>ምጥያሽ</u>**

ኣማኻሪ ካውንስል ጊዚያዊ ምምሕዳር ትግራይ ድሕሪ ሕዚ ’’ኣማኻሪ ካውንስል’’ እናተበሃለ ዝፅዋዕ በዚ ደንቢ እዚ ተጣይሹ ኣሎ።

**ዓንቀፅ 7.** **<u>ተዋፅኦ ኣማኻሪ ካውንስል</u>**

**ኣማራፂ 1.**

1. ኣማኻሪ ካውንስል እንተነኣሰ 50% ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ዘረጋገፀ ኮይኑ ካብ እዞም ዝስዕቡ ኣካላት ዝተወፃፅኡ 151 ኣባላት ዝሓቑፈ ይኸውን።
   ሀ. ካብ ነበር ኣባላት ካብ ሕድሕድ ክልል መረፃ ብህዝቢ ብቀጥታ ተመሪፆም ካብ ዝነበሩ ከክልተ ሰብ ዝተወከልሉ 76 ሰባት (50·3%)
   ለ. ካብ ሲቭል ማሕበራት ትግራይ 14 ሰባት (9·27%) ኮይኑ ኣብዚ ዝሕቆፉ ድማ ማሕበራት ደቂ ኣንስትዮ፣ መናእሰይ፣ ሓረስቶት፣ ጉዱኣት ኲናት፣ ደቂ ስዉኣት ተጋደልቲ፣ ተጋደልቲ፣ መማህራን፣ ሰብ ሙያ ጥዕና፣ ዘፈር ንግድን ማሕበር ነጋዶን፣ ጥምረት ማሕበራት ትግራይን ካልኦትን ዘካተተ ይኸውን።
   ሐ. ካብ ተነሓናሕቲ ውድባት ትግራይ፤ 23 ሰባት (15·23%)
   መ. ካብ ሰራዊት ትግራይ 12 ሰባት (8%)፣
   ረ. ብማሕበር ካብ ዝተወደቡ ምሁራት ትግራይ 9 ሰባት (6%)፣
   ሰ. ካብ ዲያስፖራ ትግራይ 4 ሰባት (2.6%)
   ሸ. ካብ ብሄረ-ሰብ ኢሮብ 5ን ብሄረ-ሰብ ኩናማ 3ን ብድምር 8 ሰባት (5·2%)
   ቀ. ካብ ተፈለጥቲ ውልቀ ሰባት ትግራይ 5 ሰባትን (3·3%) ዝተወፃፅኡ ኮይኖም ብድምር 75 ኣባላት ዝሓቑፈ ይኸውን።
2. ካብ ነበር ኣባላት ንኣባልነት ኣማኻሪ ካውንስል ዝምልመሉ ዝስዕቡ መመዘኒ ዘማልኡ ክኾኑ ኣለዎም።
   ሀ· ኣብ ትግራይ ካብ ዘለዋ ሰላሳን ሸሞንተን ክልላት መረፃ ብቀጥታ ብህዝቢ ተመሪፆም ካብ ዝነበሩ ካብ ሕድሕድ ክልል መረፃ ክልተ ነበር ኣባላት ዝውከሉ ይኾኑ ።
   ለ. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 2 ፊደል ‘ሀ’ ዝተጠቐሱ ነበር ኣባላት ብመተሓባበሪ ኮሚቴ ቤት ምኽሪ ወረዳ ወይ ከተማ ተሓርዮም ዝውከሉ ይኾኑ።
   ሐ· ኣብዚ ፃንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 2 ፊደል ‘ሀ’ ዝተገለፀ እንተሃለወ’ኳ ኣብ ሓደ ክልል መረፃ ዝነበሩ ነበር ኣባላት ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ተጓዲሎም ክልተ ጥራሕ እንተተረፎም ክልቲኦም በዘይመረፃ ንኣባልነት ዝውከሉ ይኾኑ።
   መ· ኣብዚ ፃንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 2 ፊደል ‘ሐ’ ዝተገለፀ እንተሃለወ’ኳ ኣብ ሓደ ክልል መረፃ ሓደ ነባር ኣባል ጥራሕ እንተሃልዩ ወይ ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ነበር ኣባላት ተዘይሃልዮም ካብ ካልኦት ክልላት መረፃ ክውከሉ ይግበር።

ረ. እቲ ክልል መረፃ ንሓደ ወረዳ ወይ ከተማ ጥራሕ ዝምልከት እንተዘይኮይኑ ንዝተፈላለዩ ወረዳታት ወይ ከተማታት ወይ ወረዳታትን ከተማታትን ዝሓቖፈ እንተኾኑይ መተሓባበርቲ ኮሚቴታት ኣብያተ ምኽሪ እተን ወረዳታት ወይ ከተማታት ወይ ወረዳታትን ከተማታትን ብሓባር ብምዃን ዝውክሉ ይኾኑ።

ሰ. እቲ ክልል መረፃ ንዝተፈላለዩ ወረዳታት ወይ ከተማታት ወይ ወረዳታትን ከተማታትን ዝሓቖፈ እንተኾይኑ እቶም ዝውክሉ ነበር ኣባላት ነባርነቶም ኣብቲ ሓደ ወረዳ ወይ ከተማ ጥራይ እንተዘይኮይኖም ክልቲኦም ካብ ሓደ ወረዳ ወይ ከተማ ክኾኑ የብሎምን።

ሸ· እቲ ዝውክል ነበር ኣባል በብብርኩ ኣብ ዘሎ ፈፃሚ ኣካል ተመዲቡ ኣብ ስራሕ ዘይተዋፈረ ክኸውን ኣለዎ።

ቀ· እቲ ዝውክል ነበር ኣባል ኣብ ስራሕቲ ቤት ምኽሪ ዝሐሸ ልምድን ተመክሮን ዘለዎ እንተኾይኑ ይምረፅ።

በ· ነበር ኣባላት እንትውከሉ ደቂ ኣንስትዮ፣ መናእሰይ፣ ሓረስቶትን ደ.ኣ.ን.ትን ኣብ ግምት ዘእተወ ክኸውን ኣለዎ።

3. ካብ ማሕበር ዝውክል ሰብ ናይ ዝኾነ ውድብ ፖለቲካ ኣባል ክኸውን የብሉን።
4. ካብ ሰራዊት ዝውክሉ ሰባት በብብርኩ ካብ ዘለዉ ኣወዳድባታት ሰራዊት ተመሪፆም ዝውክሉ ይኾኑ።

**ኣማራፂ 2.**

1. ካብ ነበር ኣባላት ካብ ሕድሕድ ክልል መረፃ ብህዝቢ ብቀጥታ ተመሪፆም ካብ ዝነበሩ ሓደ ሓደ ሰብ ዝሓዘ **38** ይውከል (33%)
2. ካብ ሲቭል ማሕበራት ትግራይ **9** ሰባት (7.8%)
3. ካብ ተነሓናሕቲ ውድባት ትግራይ  **15** ሰባት (13%)
4. ካብ ሰራዊት ትግራይ **6** ሰባት (5.2%)
5. ብማሕበር ካብ ዝተወደቡ ምሁራት ትግራይ **4** ሰባት (3.5%)
6. ካብ ዲያስፖራ ትግራይ **3** ሰባት (2.6%)
7. ኣብ ትግራይ ካብ ዝርከቡ ብሄረ-ሰብ ኢሮብ ን ኩናማን 4 ሰባት (3.5%)
8. ካብኔ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ 27(23.6%)
9. ስንፎር ኣማኸርቲ ፕረዝዳንት ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ 3(2.6%)
9. ካብ ተፈለጥቲ ውልቀ ሰባት ትግራይን ነባራት ኣመራርሓን **5** ሰባትን (4.3%) ዝተወፃፅኡ ኮይኖም ብድምር **114** ኣባላት ዝሓቖፈ ይኸውን።

**ዓንቀፅ 8. <u>ተፀዋዕነት</u>**

1. ኣማኻሪ ካውንስልን ኣካብን ተፀዋዕነቶም ንፕረዚደንት ይኸውን።
2. ፀሓፊ፣ ቤት ፅሕፈት፣ ሓባር ኮሚቴን ኮሚቴታትን ተፀዋዕነቶም ንኣካቢ ይኸውን።

**ዓንቀፅ 9. <u>ዘበን ስራሕ ኣማኻሪ ካውንስል</u>**

ዘበን ስራሕ ኣማኻሪ ካውንስል ዘበን ስራሕ ጊዚያዊ ምምሕዳር ይኸውን።

**ዓንቀፅ 10. <u>ኣኼባ ኣማኻሪ ካውንስል</u>**

1. ኣማኻሪ ካውንስል ኣብ ሰለስተ ወርሒ ሓደ ጊዜ ስሩዕ ኣኼባ የካይድ።

2. ኣኼባ ኣማኻሪ ካውንስል ብግልፂ ዝካየድ ይኸውን።

**ዓንቀፅ 11.**<u>**ተግባርን ሓላፍነትን ኣማኻሪ ካውንስል**</u>

ኣማኻሪ ካውንስል እዞም ዝስዕቡ ተግባርን ሓላፍነትን ይህልውዎ ።

1. ብፕረዚደንት ኣብ ዝቐርበሉ ዓመታዊ ትልምን በጀትን ዘትዩ ምኽረ-ሓሳብ የቕርብ።
2. ኣብ ኩሎም መንግስታዊ ኣብያተ ዕዮ ዝወሃብ ግልጋሎት ፅሬት ዘለዎ፣ ስሉጥ፣ ፍትሓውን ተበፃሕን ምኧኑ ብመፅናዕትን ዳህሳስን እናረጋገፀ እቶም ጥንካረታት ክዕቀቡን ዝተፈፀሙ ጉድለታት ድማ ተሓታትነት ክረጋገፀሎምን ዘኽእል ምኽረ ሓሳብ ንዝምልከቶ ኣካል የቕርብ።
3. ብመንግስታዊ ኣካላት ዝፍፀሙ መደባት ብፍላይ ብህዝቢ መረረትን ጥርዓንን ዝቐርበሎም ጉዳያት ፀጥታ፣ ፍትሕን ሰናይ ምምሕዳርን ልምዓትን እናተፈለዩ መፍትሒ ክግበረሎምን ክእረሙን ንዝምልከቶ ኣካል ሓሳብ ምቕራብ።
4. ኣብ ከይዲ ኣፈፃፅማ ትልሚ ጊዚያዊ ምምሕዳር ዘሎ ጥንካረን ክፍተትን ንምፍላይ ኮሚቴታት ብምጥያሽ ክትትልን ደገፍን ምሃብን ዘለዉ ተሞክሮታት እናተወደቡን እናተተንተኑን ከም እታዎት ንምጥቃም ብዘኽእል ኣገባብ ብምድላው ንዝምልከቶ ኣካል ምቕራብ።
5. ብጊዚያዊ ምምሕዳር ዝተመደበ በጀትን ኣፈፃፅማ ፕሮጀክትን ሕግን ኣሰራርሓን መንግስቲ ተኸቲሉ ኣብ ስራሕ ክውዕል፣ ውፅኢቱ ክከታተል፣ ስርዓት ኦዲት ክጠናኸርን ውፅኢት ኦዲት ተግባራዊ ክኸውንን ውፅኢቱ ምክትታልን ምድጋፍን።
6. ስርዓት ግልፅነትን ተሓታትነትን ጊዚያዊ ምምሕዳር ንምርግጋፅ ዘኽእል ፀብፃብ ኣፈፃፅማ ስራሕ ጊዚያዊ ምምሕዳር ኣብ ሽዱሽተ ወርሒ ሓደ ጊዜ ብፕረዚደንት እናቕረበሉ ይግምግም፣ ደጋፊ ርእይቶ ይህብን መፍትሕታት ይሕብርን።
7. ፀብፃብ ኣፈፃፅማ ትልሚ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ፣ ቤት ፅሕፈት ዋና ኦዲተርን ኤጀንሲ መራኸቢ ሓፋሽን ኣብ ሽዱሽተ ወርሒ ሓደ ጊዜ ብዝምልከቶም ሓለፍቲ እናቕረበሉ ይግምግም፤ መፍትሕታት ይሕብርን ኣንፈታት ይንፅርን፤ ዝተርኣዩ ጉድለታት እንትህልዉ ተሓተትነት ክረጋገፀሎም ይገብር።
8. ኣሰራርሓ ትእምት ብዝፈቕዶ መሰረት ትልሚ ኣብ ዘዳልወሉ ጊዜን ፀብፃብ ኣፈፃፅማ መደባትን ፀብፃብ ውፅኢት ኦዲትን ብዝምልከቶም ሓለፍቲ እናቕረበሉ ይግምግም፣ መፍትሕታት የቕምጥን ተሓታትነት ንምርግጋፅ ዘኽእሉ ስራሕቲ ይፍፅምን።
9. ብዝምልከቶ ኣካል በብዓመቱ ተፀኒዑ ዝቐርብ ቀመር ድልድል በጀት ኣብያተ ዕዮ ክልል፣ ምምሕዳር ወረዳን ከተማን ኣመልኪቱ መፅናዕቲ ብምክያድን መድረኽ መተኣኻኸቢ ርእይቶ ብምድላውን ምኽረ ሓሳብ ንፕረዚዳንት የቕርብ።
10. ኣፈፃፅማ መደባት መንግስታዊ ኣብያተ ዕዮ ዲሞክራታይዜሽን ዘጎልብት፣ ፍትሓዊ ዝኾነ ምሕደራ ክህሉ ዝገብር፣ ንሕቶ ህዝቢ ክብሪ ዝህብ፣ ቅልጡፍ ምላሽ ንምሃብ ድሉው ዝኾነ ኣካል ክህሉ ብድምር ንጉዳያት ሰናይ ምምሕዳር ትኹረት ዝሃበ ግልጋሎት ክህሉ ንምግባር ምግምጋምን ኣብዚ ዝረአዩ ክፍተታት ክመሓየሹ ብእዋኑ ንፕረዚዳንት ምኽረ ሓሳብ ምቕራብን።
11. ኣብ ዳግመ ህንፀትን ስርዓት ዲሞክራታይዜሽንን ትግራይ ኮሚኒቲ ዲያስፖራ ዕዙዝ ተሳትፎ ክህልዎን ውፅኢት ብዘምፅእ ኣገባብ ንምትግባር ዘኽእሉ ሰፋሕቲ ስራሕቲ ክሳለጡን ይከታተልን ይድግፍን።

12. ኣብያተ ፍርዲ ናይ ዳይነት ነፃነት ብዝሓለወን ተሓታትነት ብዘረጋግፅን ኣገባብ ዝተውሃቦም ስልጣንን ተግባርን ብቕንዕና፣ ብተኣማንነትን ልዕልነት ሕጊ ብዘኽብርን ይፍፀሙ ምህላዎም ምክትታልን ምድጋፍን።
13. ዳያኑ ምምሕዳር ጉባኤ ብሕጊ ብዝተወሃቦ ስልጣንን ተግባርን መሰረት ገይሩ ኣብ ዘቕርቦም ዝተፈላለዩ ሽመታት፣ ብምኽንያት ጉድለት ዲስፕሊን ካብ ብርኪ ሓላፍነትን ካብ ሓላፍነትን ምውራድ ዝምልከቱ ጉዳያት ውሳነ ሓሳብ እንትቐሪብሉ ናይ መወዳእታ ውሳነ የሕልፍ።
14. ብቤት ምኽሪ ተሰይሞም ኣባላት ዳያኑ ምምሕዳር ጉባኤ ኮይኖም ይሰርሑ ናይ ዝነበሩ ኣባላት ቤት ምኽሪ መተካእታ ዝኾኑ ካብ መንጎ ኣባላቱ ብኣቕራብነት ኣካቢ ይምድብ።
15. ፕረዚደንት ጊዚያዊ ምምሕዳር ብመሰረት ሕገ መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 58 ንኡስ ዓንቀፅ 3 ፊደል ‘ረ’ ኣብ ዝምድቦም ፕረዚዳንትን ምክትል ፕረዚዳንትን ላዕለዋይ ቤት ፍርድን ዋና ኦዲተርን ምክትል ዋና ኦዲተርን ክልል ትግራይ ርእይቶ ይህብ።
16. ኣብ ስራሕ ዝነበረ ኮምሽን ተርጎሚ ሕገ መንግስቲ ትግራይ ስርሑ ንምክያድ ዘኽእሎ ጥጡሕ ባይታ ንምፍጣር ምስ ፕረዚዳንት ጊዚያዊ ምምሕዳር ብምትሕብባርን ብምርድዳእን ይሰርሕ።
17. ኣብ ኮምሽን ተርጓሚ ሕገ-መንግስቲ ክልል ብብርኪ ክልል ናይ ዝውክሉ ኣባላት ምጉዳል ንምምላእ ካብ መንጎ ኣባላቱ ብምርድዳእ ፕረዚደንትን ኣካብን ብኣቕራብነት ኣካቢ ይውክል።
18. ኣብ ኣባላት ጉባኤ ኣፃራዪ ጉዳያት ሕገ መንግስቲ ንዘጋጥም ምጉዳል ምስ ፕረዚዳንት ብምርድዳእ ክምላእ ይገብር።
19. ኣብያተ ምኽሪ ወረዳን ከተማን ዝተውሃበን ስልጣንን ተግባርን ኣብ ክእለትን ፍልጠትን ተመስሪተን ክፍፅማን ትካላዊ ኣሰራርሓ ዘጎልበቱ ስራሕቲ ምዕባይ ዓቕሚ ክፍፀም ምግባርን ውፅኢቱ ምክትታልን።
20. ዝምድና ኣማኻሪ ካውንስል፣ ሲቪል ማሕበራትን ሚድያን ንምጥንኻር ዘኽእል በብብርኩ ብዘለዋ ኣብያተ ምኽሪ ዝትግበርን ነቶም ኣብ ቤት ምኽሪ በዘይድምፂ ዝሳተፉ ማሕበራት ዝሕግዝን መሪሕ ሰነድ ብምድላው ውፅኢታዊ ርክብ ምፍጣር፣ ኣፈፃፅምኡ ምክትታልን ምድጋፍን።
21. ምስ መዳውብቲ ክልላትን ወረዳታትን ዘሎ ርክብ ኣብ መትከልን ዕላማን ተመስሪቱን ማእኸሉ ህዝቢ ብዝገበረን ኣገባብ ክፍፀም ዝተፈላለዩ ኣሰራርሓታት የዳሉ፣ ከይዲ ኣፈፃፅማ ይከታተልን ይድግፍን።
22. ንስራሕቲ ኣማኻሪ ካውንስል ሓገዝቲ ዝኾኑ ጉዳያት ንምስላጥን ኣብ ተግባር ዝርኣዩ ፀገማት ንምፍታሕን ዘኽእሉ ኣሰራርሓ ኣማኻሪ ካውንስልን ስነ-ምግባር ኣባላትን ኣመልኪቱ መምርሒ የውፅእ።

<u>**ክፍሊ ሰለስተ**</u>

<u>**ኣወዳድባን ስራሕን ሓላፍነትን ኣካላት ኣማኻሪ ካውንስል**</u>

**ዓንቀፅ 12.** <u>**ኣካላት ኣማኻሪ ካውንስል**</u>

ኣማኻሪ ካውንስል ዝህልውዎ ኣካላት፡-

1. ኣካቢ ኣማኻሪ ካውንስል፣
2. ፀሓፊ ኣማኻሪ ካውንስል፣
3. ሓባር ኮሚቴ፣

4. ዝተፈላለዩ ኮሚቴታት እዮም።

**ዓንቀፅ 13. <u>ኣካቢ</u>**

ኣማኻሪ ካውንስል ካብ ውሽጢ ኣባላቱ ብፕረዚደንት ተሓርዩ ዝምደብ ኣካቢ ይህልዎ።

**ዓንቀፅ 14. <u>ስራሕን ሓላፍነትን ኣካቢ</u>**

ኣካቢ እዞም ዝስዕቡ ተግባርን ሓላፍነትን ይህልውዎ።

1. ንኣማኻሪ ካውንስል ብላዕለዋይነት የተሓባብር፣ ኣኼባ ይፅውዕን ይመርሕን፣
2. ኣማኻሪ ካውንስል ዝመያየጠሉም ኣጀንዳታት ምስ ፕረዚደንት ብምዝርራብ ይቐርፅ/የዳሉ፣
3. ንሓባር ኮሚቴ የተሓባብርን ይመርሕን ፣ ዝመያየጥሉ ኣጀንዳ የዳሉ፣
4. ብመሰረት ውሳነ ሓባር ኮሚቴ ይኹን ብናይ ባዕሉ ተበግሶ ንኮሚቴታት ናብ ስራሕ የዋፍር ፣
5. ምስ ፕሬዚደንት ብምዝርራብ ኣባላት ኮሚቴ ክኾኑ ዝኽእሉ ካብ መንጎ ኣባላት ኣማኻሪ ካውንስል መልሚሉ ክምደቡ ይገብር፣
6. ምስ ፕሬዚደንት ብምዝርራብ ኣካብን ምክትል ኣካብን ክኾኑ ዝኽእሉ ካብ መንጎ ኣባላት ኮሚቴ መልሚሉ ክምደቡ ይገብር፣
7. ነቲ ኣማኻሪ ካውንስል ብምውካል ምስ ዝተፈላለዩ ኣካላት ርክብ ይገብር፣
8. ካብ ዝተወሃቦ ስራሕን ሓላፍነትን ነክዩ ንፀሓፊ ውክልና ክህብ ይኽእል።
9. ብፕሬዚደንትን ኣማኻሪ ካውንስልን ዝወሃብዎ ካልኦት ተግባራት ይፍፅም።

**ዓንቀፅ 15. <u>ፀሓፊ ኣማኻሪ ካውንስል</u>**

ኣማኻሪ ካውንስል ካብ ውሽጢ ኣባላቱ ብፕረዚደንት ተሓርዩ ዝምደብ ፀሓፊ ይህልዎ።

**ዓንቀፅ 16.<u>ስራሕን ሓላፍነትን ፀሓፊ</u>**

ፀሓፊ እዞም ዝስዕቡ ተግባርን ሓላፍነትን ይህልውዎ።

1. ቃለ-ጉባኤ ኣማኻሪ ካውንስል ይሕዝ፣
2. ኣካቢ ኣብ ዘይህልወሉ እዋን ተኪኡ ይሰርሕ፣
3. ብኣካቢ ዝወሃብዎ ካልኦት ስራሕቲ ይሰርሕ።

**ዓንቀፅ 17. <u>ሓባር ኮሚቴ</u>**

ኣካቢ ዝመርሖ ፀሓፍን ኣከብቲ ኮሚቴታትን ዝሓቖፈ ሓባር ኮሚቴ ይህሉ።

**ዓንቀፅ 18. <u>ስራሕን ሓላፍነትን ሓባር ኮሚቴ</u>**

ሓባር ኮሚቴ እዞም ዝስዕቡ ስራሕን ሓላፍነትን ይህልውዎ።

1. ትልሚ ስራሕ ብምውፃእ ሓፈሻዊ ኣንፈት ኣመልኪቱ ንኮሚቴታት መምርሒ ይህብ።
2. ንስራሕቲ ኮሚቴታት የተሓባብር፣ ይከታተል፣ ፀብፃብ ኣፈፃፅማ ስራሕ ኮሚቴታት ይምርምር፣ ደገፍ ይገብርን ከምኣድላይነቱ ንዝተርኣዩ ጉድለታት መአረምታ ይገብርን፣
3. በብውርሑ እናተኣከበ ኩነታት ስራሕ ኣማኻሪ ካውንስልን ኮሚቴታትን ይግምግም፣ መፍትሒታት ይገብርን ኣንፈታት ይንፅርን፣
4. ሓዱሽ ቤት ፅዮ መንግስቲ እንትጣየሽ ወይ ለውጢ ኣወዳድባ እንትግበር ክትትልን ደገፍን ንክግበረሉ ንዝምልከቶ ቀዋሚ ኮሚቴ ይምድብ፣
5. ኣማኻሪ ካውንስል ዝመያየጠሉ ኣጀንዳ ብኣካቢ መበገሲ ምስቀረበሉ ተመያይጡ ዝውሰኽ ውሲኹ ዝንከ ነክዩ የዳሉ፣ ንሕድሕድ ኣጀንዳ ዘድልዮ እዋን ምይይጥ ይምድብ፣
6. ኣድላዪ ኮይኑ እንትርከብ ሓዱሽ ተወሳኺ ኮሚቴ ክጣየሽ ወይ ክንከ ዝግበአ ንምንካይ መበገሲ ሓሳብ የዳሉን ብኣካቢ ኣቢሉ ንውሳነ ናብ ፕረዚደንት ክቐርብን ይገብር፣
7. ኣካቢ ወይ ዝኾነ ኮሚቴ ወይ ኣባል ኮሚቴ ኣብ ዘቕርቦም ካልኦት ዋኒናት ተመያይጡ ውሳነ የሕልፍ።

**ዓንቀፅ 19. <u>ኮሚቴታት ኣማኻሪ ካውንስል</u>**

1. ንኣፈፃፅማ መደባት ኣብያተ ፅዮ ጊዚያዊ ምምሕዳር ክትትል እናገበሩ ደገፍ ዝህቡን ምኽረ ሓሳብ ዘቕርቡን ሓቛፋይነት ብዘረጋግፅ ካብ ኣባላት ኣማኻሪ ካውንስል ዝተወፃፅኡ ኣባላት ዘለውዎም ሽዱሽተ ኮሚቴታት ይህልዉ።
2. ዝህልዉ ኮሚቴታት እዞም ዝስዕቡ እዮም።

   ሀ. ኮሚቴ ጉዳያት ቁጠባዊ ልምዓት፣

   ለ. ኮሚቴ ጉዳያት መሰረተ ልምዓትን እግሪ ምትካልን፣

   ሐ. ኮሚቴ ጉዳያት ማሕበራዊ ልምዓት፣

   መ. ኮሚቴ ጉዳያት ምሕደራ ሃፍትን ኦዲትን፣

   ረ. ኮሚቴ ጉዳያት ሰላም፣ ፍትሕን ዴሞክራታይዜሽንን፣

   ሰ. ኮሚቴ ጉዳያት መናእሰይን ደቂ ኣንስትዮን እዮም።

3. ሕድሕድ ኮሚቴ ሸውዓተ ኣባላት ዝህልውዎም ኮይኑ ካብ ሕድሕድኦም ዝምዘዙ ኣተሓባባርን ምክትልን ይህልዉዎም።
4. ኣተሓባበርትን ምክትላትን ኮሚቴታት ብምርድዳእ ኣካብን ፕረዚደንትን ተሓርዮም ብኣቕራብነት ኣካቢ ብኣማኻሪ ካውንስል ይስየሙ።
5. ኣተሓባበርትን ምክትላትን ኮሚቴታት በቀዋምነት ዝሰርሑ ኮይኖም ካልኦት ኣባላት ኮሚቴታት ግና ምስ ስርሖም ደሪቦም ዝሰርሑ ይኾኑ።
6. ሓፈሻዊ ተግባርን ሓላፍነትን ኮሚቴታት ኣብ ኣፈፃፅማ ትልሚ ጊዚያዊ ምምሕዳር ዘለዉ ጥንካረታትን ጉድለታትን ብዳህሳስ ብምርግጋፅ ምስ መፍትሒ ሓሳቡ ንዝምልከቶም ኣብያተ ፅዮ ምኽረ-ሓሳብ ምቕራብ ኮይኑ ሓባራውን ናይ ሕድሕድ ኮሚቴን ዝርዝር ተግባርን ሓላፍነትን ኣማኻሪ ካውንስል ብዘውፅኦ መምርሒ ዝውሰን ይኸውን።

**ዓንቀፅ 20.**<u>**ቤት ፅሕፈት ኣማኻሪ ካውንስል**</u>

1. ቤት ፅሕፈት ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ኮይኑ ዘገልግል ዝነበረ ህንፃ ቤት ፅሕፈት ኣማኻሪ ካውንስል ኮይኑ ዘገልግል ይኸውን።
2. ንቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ግልጋሎት ክህብ ብሕጊ ተጣይሹ ዝፀንሐ ቤት ፅሕፈት ቤት ምኽሪ ክልል ተባሂሉ ዝፅዋዕ ዝነበረ ኣብ እዋን ጊዚያዊ ምምሕዳር ቤት ፅሕፈት ኣማኻሪ ካውንስል ኮይኑ የገልግል።
3. እቲ ቤት ፅሕፈት ብሓላፊ ቤት ፅሕፈት ዝምራሕ ፕሮሰስ ካውንስል ይህልዎ።
4. እቲ ቤት ፅሕፈት በጀትን ሓይሊ ሰብን የመሓድር።

<u>**ክፍሊ ኣርባዕተ**</u>

<u>**ዝተፈላለዩ ድንጋገታት**</u>

**ዓንቀፅ 21.** <u>**በጀት**</u>

ፍልፍል በጀት ኣማኻሪ ካውንስል፡-

1. ጊዚያዊ ምምሕዳር ካብ ዝምድቦ በጀት፤
2. ካብ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት ዝርከብ ሓገዝ ይኸውን፤
3. እቲ ዝተመደበን ብሓገዝ ዝተረኸበን በጀት ብመሰረት ኣሰራርሓን ሕግን መንግስታዊ ፋይናንስ ይመሓደርን ኦዲት ይግበርን።

**ዓንቀፅ 22.** <u>**ምምሕያሽ ደንቢ**</u>

እዚ ደንቢ ብኣብዝሓ ድምፂ ኣባላት ካቢኔ ጊዚያዊ ምምሕዳር ብኽፋል ወይ ብሙሉእ ክመሓየሽ ይኽእል።

**ዓንቀፅ 23.** <u>**መምርሒ ናይ ምውፃእን ምምሕያሽን ስልጣን**</u>

ኣማኻሪ ካውንስል መምርሒ ናይ ምውፃእን ምምሕያሽን ስልጣን ይህልዎ።

**ዓንቀፅ 24.** <u>**እዚ ደንቢ ኣብ ስራሕ ዝውዕልሉ እዋን**</u>

እዚ ደንቢ ብካቢኔ ጊዚያዊ ምምሕዳር ካብ ዝፀደቐሉ ዕለት --- /2015 ዓ/ም ጀሚሩ ኣብ ስራሕ ይውዕል።